Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

ፈደራላዊ ጨንፈር ውሽጣዊ ጉዳያት EDI
**ፈደራላዊ ቤትጽሕፈት ጥዕና BAG**

ኮሮና-ቫይረስ ገና ኣሎ።
bag-coronavirus.ch

**ሓድሽ ኮሮናቫይረስ።**

ዝተሓደሰ ኣብ 12/08/2020

# ነብስና ብኽምዚ ክንከላኸል ንኽእል

<ins>**ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሕጋጋት ኣደብን ጽሬትን።**</ins>

## ግዴታ ናይ ማስከ መሸፈኒ ኣፍ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያታት



## ቀጸልቲ ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት ተኸተሉ ኢኹም። ምኽንያቱ እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ቀጺሉ ክዝርግሕ የብሉን።



ምልክታት ሕማም ምስተቐልቀሉ ግድን መርመራ ክግበርን ኣብ ገዛ ክትረፍን ኣለዎ።



ኣሰራት ካበይ ከምዝመጽኡ ብዝተኻእለ መጠን ኩሉ ግዜ ሓበሬታ ርክብ ክሕበር ኣለዎ።



ኣብ ኣወንታዊ መርመራ፥ ግለላ። ኣብ ርክብ ምስ ኣወንታዊ/ፖሲቲቭ ዝተመርመረ ሰብ፥ ውሽባ ንሕሙም/ኳራንተይን።



ርሕቀት ምግባር።



ኣእዳው ብጽኑዕ ምሕጻብ።



ብኢድ ሰላም ምባል ክውገድ ኣለዎ።



ኣብ መንዲል ወይ ኣብ ምናት ምስዓልን ኢንጥሾ ክግበርን ኣለዎ።



ጥራይ ድሕሪ ብተሌፎን ዝተገብረ ምዝጋበ ኣብ ቤትጽሕፈት ሓኪም ወይ ኣብ ጨንፈር ህጹጽ ኩነታት።

## ብዛዕባ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብብዝሒ ዝሕተቱ ሕቶታትን መልስታትን

እቶም ንህዝቢ ካብ ኮሮናቫይረስ ንምክልኻል ኢሎም ተወሲዶም ዝነበሩ ስጉምትታት እንዳፎኸሱ ምስዝኸዱ: ዝያዳ ሰብ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ይንቀሳቐስ። ፈደራላዊ መንግስቲ ስዊዘርላንድ ኣብ መጻኢ ውን ገና ኣብ ናይ ነፍስወከፍ ውልቃዊ ሓላፍነት እዩ ኣዝዩ ዝተኣማመን። ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት ከምኡውን ጽንሰ ሓሳብ ናይ ምክልኻል ገና ቀንዲ ነጥብታት ኮይኖም: ሓድሽ ለበዳ ንክውገዱ።

**ርእሰ ተሓታትነት ኩሉ ግዜ ኣገዳሲ እዩ፥** ኣእዳውኩም ብዝተደጋጋሚ ብሳሙና ጌርኩም እንድሕር ተሓጺብኩምን ርሕቐት ተኸቲልኩምን ካብ ልበዳ ብዝበለጸ ክትኸላኸሉ ትኽእሉ።

ርሕቀት ናይ 1.5 ሜትሮ ክሕሎ ምስዘይክእል ዓቢ ተኽእሎ ናይ ምላካፍ ኣሎ። እዚ ምናዳ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያታት ኣብ ዝኾነ እዋን ከጓንፍ ይኽእል። ብምኽንያት ዝውስኽ ዘሎ መጉዓዝያ ከምኡ'ውን ካብ ማእከል ሰነ ዝውስኹ ዘለው ልበዳታት፣ መንግስቲ/ፈደራላዊ ዋዕላ ንመከላኸሊ ስጉምትታት ኣበርቲዑ ከምኡ'ውን ኣብ ህዝባዊ መጉዓዝያታት ኣብ 6 ሓምለ 2020 ግዴታ ምኽዳን ማስኬራ ኣተኣታትዩ።

## ልበዳን ርከሳታትን

<u>እዚኦም ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት ስለምንታይ ክንድቲ ኣገደስቲ እዮም፤</u>

እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ሰብ ገና **ጸረ-ኣካል (መከላኸሊ) ዘይረኸበሉ** ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ እዩ። **ንብዙሕ ዓይነታት ልበዳን ሕማምን** ክስዕብ ይኽእል። ስለዚ ዝርጋሐ እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብዝተኻእለ መጠን ክነጉድሎ ኣለና።

ብሕልፊ ንክሓሙ ልዕል ዝበለ ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት ክንሕልዎም ኣለና።

እዚኦም ዝስዕቡ እዮም፥

- ካብ ዕድመ 65ን ንለዓልን ዘለው
- ጥኑሳት ኣንስቲ
- ዝስዕቡ ቅድመ-ሕማማት ዘለዎም ዓበይቲ፥
  - **ጸቕጢ ደም፣**
  - **መትኒ-ልባዊ ሕማማት**
  - **ሽኮርያ**
  - **ሕዱራት ናይ ምስትንፋስ ሕማማት**
  - **መንሽሮ**
  - **ንስርዓተ ምክልኻል ብያነ ዘድከሙ ሕማማትን ፍወሳታትን።**
  - **ብርቱዕ ልዕለ-ሚዛን (ህዝርጥና፣ 40ን ዝያዳን BMI ዘለዎም)**

ካብቶም ብፍላይ ዝተደንገቱ ሰባት ከምዝኾንኩም ርግጸኛ ተዘይኮይንኩም፣ ብኽብረትኩም ንሓኪምኩም ተወከሱ ኢኹም።

ኩላትና ነቶም ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት እንተ ተኸቲልናዮም ነዚኦም ሰባት ብዝሓሸ ክንከላኸሎም ንኽእል። እዚ ክንገብር ከለናሲ ዋላ ብርቱዕ ሕማማት ዘለዎም ሰባት ኣብቶም ጥዕናውያን ትካላት ቀጺሎም ጽቡቕ ንክሕከሙ ውን ሓገዝቲ ክንከውን ንኽእል። ኣብቶም ጨናፍር ጻዕቂ *(ኢንተንሲቭ-ስታስዮን)* እቶም መሐከሚ ክፍልታትን ናይ ትንፋስ መሳርሒታትን ብወሰን ተቐሪቦም።

<u>ልዕሊ ዕድመ 65 ኢኹም፣ ጠኒስክን ወይ ሓደ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ቅድመ-ሕማማት ኣለኩም፤ ከምዚ ክትኽላኸሉ ትኽእሉ፥</u>

ቀጺልኩም ነቶም ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት እንተ ተኸቲልኩምካብ ልበዳ ብዝበለጸ ክትኽላኸሉ ትኽእሉ። ዝስዕቡ ለበዋታት ብቐዓት እዮም፥

- ኩሉ ግዜ ደጋጊምኩም ኣእዳውኩም ጽቡቕ ጌርኩም ብሳሙና ተሓጸቡ።
- ናብ ካልኦት ሰባት ርሕቐት ትገድፉ (ብውሕዱ 1.5 ሜትሮ)።
- ናይ ማስኬራ ግዴታ ኣብ ህዝባዊ መጉዓዝያ ተኸተሉ።
- ዋላ ምስ ኣዕሩኽ ወይ ስድራ እንተትራኸቡ ነቶም ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት ተኸተሉ ኢኹም። ንኣብነት መግቢ ካብ ዝኾነ ነገር ከተውጽኡ ከለኹም ምስቲ ማዕረ መመታተሪ ዘይምትንካፍ ወይ ካብ ማዕረ ብርጭቕ ዘይምስታይ፣ ወዘተ...
- ግዜታት ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝግዕዙሉ ቦታታት ክትውግዱ ይሕሸኩም (ንኣብነት ብዙሕ ሰብ ዝኸዱሉ ግዜታት ኣብ ህዝባዊ መጉዓዝያ ወይ ኣብ መደበር ባቡር፣ ምሽማት ኣብ ቀዳም)። ብዝኾነ ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝግዕዙ ቦታታት እንድሕር ትህልዉ ከምኡ ድማ ዘድሊ ርሕቐት ክትኽተሉ እንተዘይከኣልኩም፣ ምኽዳን ናይ ጽሬት ማስኬራ ንመኸረኩም ኢና።

ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ምልክታት ሕማም ከም ሰዓል (ብብዝሒ ደረቕ ሰዓል)፣ ቃንዛ ጉሮሮ፣ ሕጽረት ምስትንፋስ፣ ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፣ ረስኒ፣ ወይ ብሃንደበት ምጥፋእ ናይ ምሽታትን ናይ ምስትምቓርን ከእለት፡ ኣለኩም ዶ፤ **ከምዚ ምስዝኾውን ቀልጢፍኩም ናብ ሓኪምኩም ወይ ሆስፒታል ደውሉ። ቀዳም ይኹን ሰንበት ብዘየገድስ።** ናይ ሕማም ምልክታትኩም ግለጹ ከምኡ'ውን ካብቶም ልዑል ናይ ሕማም ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት ምዃንኩም ሓብሩ።

ኣብ ጥንሲ ስለዘለኺ ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ብብርቱዕ ክትሓምሚ ፍልይ ዝበለ ርከሳ ኣለኪ። እንታይ ከተስተውዕሊ ኣለኪ፧

እንድሕር ጠኒስኪ ብዝተኻእለ መጠን ካብ ልበዳ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ክትኽላኸሊ ይግብኣኪ። ስለዚ ምኽርታትና ንብፍላይ ኣብ ድንገት ዘለው ሰባት ክትኽተልዮም ንመኽረኪ (ቅድም ዘሎ መልሲ ረኣዩ)።

ኣብ ቦታ ስራሕ ኣስራሒኺ ብሕጊ ምክልኻል ኣደ፣ ንስኺ ከም ጥንስቲ ሰበይቲ ካብ ልበዳ ምስቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብዝበለጸ ከምተኽላኸልኪ ንክረጋገጽ ግዴታ ኣለዎ። እዚ እንተዘይከኣል ኮይኑ፣ ኣስራሒኺ ኣማራጺታት ከቕርበልኪ ኣለዎ። ቀጻሊ ምኪያድ ስራሕ እንተዘይከኣል ኮይኑ፣ ናይ ደቀንስትዮ ሓኪምኪ ናይ ስራሕ እገዳ ከ(ተ)ቕርበልኪ ይኽእል።

እንድሕር ጠኒስኪ ምስቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ምሕማም ክሳብ ከቢድ ጉዳይ ሕማም ክበጽሕ ከምዝኽእል ብሓድሽ መጽናዕትታት ተረጋጊጹ። ብሕልፊ እንድሕር ንኣብነት ልዕለ-ሚዛን ኣለኪ፣ ልዕል ዝበለ ዕድመ ወይ ፍልይ ዝበሉ ሕማማት እንተለውኺ። ሕጂ ገና ብዙሓት ምስ ጥንስን ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ኣይተመለሹን ኣለው። ኣደን ቆልዓን ግና ካብ ጥንቃቐ ብሕልፊ ምክልኻል ክረኽቡ ኣለዎም።

ናይ ሕማም ምልክታት ኣባኹም እንተተቐልቂሎልም ብዝቐልጠፈ ናይ ደቀንስትዮ ሓኪምክን ደውሊ፣ ዝኾነ ኣድላይ ስጉሚ መታን ክትማኸሪ።

እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብኸመይ ይመሓላለፍ፧

እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ከም ዝስዕብ ክመሓላለፍ ይኽእል፥

- **ኣብ ቀረባን ንውሕ ዝበለን ርክብ፥** ካብ ዝተለበደ ሰብ 1.5 ሜትሮ ወይ ካብኡ ንታሕቲ ዝኸውን ርሕቐት ብዘይ ምክልኻል (ንኣ. መንደቕ/ደረት ወይ ክልተኦም ማስኬራ ይኽደኑ) እንተተገሩ። ምስ ሓደ ዝተለበደ ሰብ ንውሕ ዝበለን ቀረባን ርክብ እንተተገሩ፣ ናይ ልበዳ ከኣ ብዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ።
- ብ**ንጣባት፥** እቶ ዝሓማማ ሰብ እንጥሾ እንተ ኢሉ ወይ እንተ ሲዒሉ እቶም ቫይረሳት ብቐጥታ ኣብ ልፋጭ ኣፍንጫ፣ ኣፍ ወይ ኣዒንቲ ናይ ካልኦት ሰባት ክበጽሕ ይኽእል።
- ብ**ኣእዳው፥** ብምስዓልን እንጥሸው ምባልን ዝመጹ ተላገብቲ ንጣባት ኣብ ኣእዳው ክህልዉ ይኽእሉ። ወይ ከኣ ዝኾነ ቫይረስ ዘለዎ ነገር ምስንትንክፍ፣ ድሕሪኡ ንኣፍና፣ ንኣፍንጫና ወይ ኣዒንትና እንተተንኪፍና እቶም ቫይረሳት ክለግቡና ይኽእሉ።

መዓስ ኢኻ ንሰባት ክተልግበሎም ትኽእል፧

ኣስተውዕሉ፥ ብኮሮናቫይረስ ዝሓመመ ሰብ ንነዊሕ እዋን ንካልኦት ሰባት ከልግብ ይኽእል። እዚ ማለት፥

- ድሮ **ክልተ መዓልትታት ቅድሚ** እቲ ምልክታት **ምጅማሩ** – ገና ሕማም ከምዝለገበካ ከይተረደአካ ከሎ ማለት እዩ።
- **ኣብቲ ምልክታት ዘለካ እዋን ንኻልኦት ናይ ምልባድ ተኽእሎኻ ኣዝዩ ልዑል እዩ።**
- **ድሕሪ** ናይ ምሕዋይ ስምዒት **እንተወሓደ ክሳብ 48 ሰዓታት** ገና ንሰብ ክትልብድ ትኽእል። ስለዚ ርሕቐት ገና ክትሕልዉን ኣእዳውኩም ቀጻሊ ብግቡእ ብሳሙና ክትሕጸቡን ይግበኣኩም።

## ምልክታት፣ ምርመራን ሕክምናን

ኣብ ምሕማም ምስቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኣየኖት ምልክታት ይቕልቀሉ፧

እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ብብዝሒ ይርአዩ፥

- ሰዓል (መብዛሕትኡ ግዜ ደረቕ ሰዓል)
- ቃንዛ ጉሮሮ
- ሕጽረት እስትንፋስ
- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ
- ረስኒ
- ናይ ምሽታትን ናይ ምስትምቓርን ክእለት ብሃንደበት ምጥፋእ

ዝስብዕቡ ምልክታት ይከኣሉ እዮም፥

- ቃንዛ ርእሲ
- ሓፈሻዊ ድኻም፣ ዘይምጥዓም
- ናይ ከብድን መዓንጣን ጸገማት (ስግድግድ፣ ትፋእ፣ ውጽኣት፣ ቃንዛ ከብዲ)
- ሰዓል ኣፍንጫ
- ቃንዛ ጭዋዳ
- ዕንፍሩር ቈርበት

እቶም ምልክታት ዝተፈላለየ ብርታዐ ኣለዎም፣ ቀለልቲ ምልክታት ውን ከረአዩ ይኽእሉ እዮም። እንተላይ ሽግራት ከም ንኣብነት ነድሪ ሳንቡእ ክፈጥሩ ይኽእሉ።

ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ብብዝሒ ዝርኣዩ ምልክታት ሕማም ምስዝህልወኩም ብኮሮናቫይረስ ሓሚምኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

**ከምኡ ምስዝኸውን፥**

- **ኣብ ገዛኹም ትረፉ ከምኡ'ውን ዝኾነ ርክብ ምስ ካልኦት ሰባት ክትውግዱ ኣለኩም።**
- **ናይ ኮሮናቫይረስ መርመራ ግበሩ (ናይ ኢንተርነት መርበባት ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ሕቶ ረኣዩ) ወይ ንሓኪምኩም ደውሉ ኢኹም። ኩሎም ሕቶታት ኣብ መርመራ/ቸከ ኦንላይን ወይ ብተሌፎን ብዝከኣለኩም ትምልሹ። ኣብ መወዳእታ ናይ ተግባር ምኽርታት ክትወሃቡ ከምኡ'ውን ኣድላይ ተኾይኑ መርመራ ንክትገብሩ መምርሒ ክትወሃቡ ኢኹም።**
- **ን«ምግላል» ዝምልከት መምርሒታት እንብቡ ([www.bag.admin.ch/neues-coronavirus-downloads](www.bag.admin.ch/neues-coronavirus-downloads))፣ ነቲ መምርሒታት ብግቡእን ብቐጻልን ሓልውዎ።**

**ዕድሜኹም ልዕሊ 65 ምስዝኸውን፣ ኣብ ጥንሲ ምስዝህልወክን ወይ ሕዱር ሕማም ምስዝህልወኩም፥ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶም ብብዝሒ ዝርኣዩ ምልክታት ሕማም ኣባኹም ምስዝርኣዩ፣ ቀልጢፍኩም ናብ ሓኪም ደውሉ። ዋላ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት።**

እንታይ ከምትገብሩ ርግጸኛታት ኣይኮንኩምን፧

ውሑዳት **ሕቶታት ናይ ኮሮናቫይረስ ፍተሻ** (Coronavirus-Check) ድሕሪ ምምላስኩም ኣብ https://check.bag-corona-virus.ch/screening እንታይ ክትገብሩ ከምትኽእሉ ዝኾነ ምኽሪ ካብ ፈደራላዊ ቤትጽሕፈት ጥዕና ክትረኽቡ ኢኹም (ብቋንቋ ጀርመን፣ ፈረንሳ፣ ጥልያንን እንግሊዝን)።

ኣብ ወብሳይት ናይ ካንቶን ቫት (Waadt) https://coronavirus.unisante.ch/evaluation **ብ8 ተወሰኽቲ ቋንቋታት ሕቶታት ናይ ኮሮናቫይረስ ፍተሻ** (Corona-Check) ትረኽቡ።

ምፍታሽ ጥዕናዊ ሕቶታት ናይ ኮሮናቫይረስ (Coronavirus-Check) ንሞያዊ ሕክምናዊ ምኽሪ፣ ውጽኢት መርመራን ሕክምናን ኣይትክእን እዩ። ኣብቲ ፍተሻ ዝግለጹ ምልክታት ምስ ካልኦት ሕማማት ዝተኣሳሰሩ፣ ካልእ ዓይነት ስጉምቲ ዘድልዮም ምልክታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

እንዳገደዱ ዝኸዱ ወይ ዘሻቕሉኹም ብርቱዓት ምልክታት ሕማም ምስዝህልዉኹም፣ ኩሉ ግዜ ንሓኪም ተወከሱ።

ምሕማም ምስቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ብኸመይ እዩ ዝሕከም፧

እቲ ሕክምና ኣብ ምህዳእ/ ምዝሓል ምልክታት ተደሪቱ። ሕሙማት ንምክልኻል ካልኦት ሰባት ይግለሉ። ብርቱዕ ሕማም ምስዝህሉ ምብዛሕትኡ ግዜ ሕክምና ኣብ ክፍሊ ሓደገኛ ኩነታት (ኢንተንሲቭ-ሽታስዮን) ኣድላይ እዩ። ብፍልይ ዝበለ ኩነታት ተክኒካዊ ምስትንፋስ የድሊ እዩ።

ምስቲ ሓድሽ ኮሮናባይረስ ዘይተኣሳሰሩ ጸገማት፣ ጸገማት፣ ናይ ሕማም ስምዒት ወይ ምልክታት ኣለውኹም ድዮም፧

ምስ ኮሮናቫይረስ ዘይተኣሳሰሩ ናይ ጥዕና ጸገማት፣ ሕማማትን ምልክታትን፣ ኣድህቦን ሕክምናን ግድን የድልዮም እዩ። ግዜ ከየጥፋእኩም ቀልጢፍኩም ሓገዝ ድለዩ። ናብ ሓኪም ደውሉ።

ሓድሽ ኮሮናቫይረስ እንተሎኒ መዓስ ክምርመር ኣለኒ፧
ዘይጥዕመኩም ወይ ምልክታት ሕማም ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ይስምዓኩም ዶ፧ ኣብ ገዛ ትረፉ፣ ናይ ኮሮናቫይረስ ቸክ ግበሩ ወይ ንሓኪምኩም ደውሉ ኢኹም። ኩሎም ሕቶታት ኣብ መርመራ/ቸክ ኦንላይን ወይ ብተሌፎን ብዝከኣለኩም ትምልሹ። ኣብ መወዳእታ ናይ ተግባር ምኽርታት ክትወሃቡ ከምኡ'ውን ኣድላይ ተኾይኑ መርመራ ንክትገብሩ መምርሒ ክትወሃቡ ኢኹም። ናይ ፈተና/ቸክ ውጽኢት ክሳብ ዘሎ ኣብ ገዛ ኩኑ።

ኣበይ ክምርመር እኽእል፧
ዝመርሑ ሓኻይም፣ ሆስፒታላት ወይ ፍሉይ ዝተሰመዩ ናይ ፈተና ማእከላት ነቶም ፈተናታት የካይዱ እዮም።
እቲ ኮሮናቫይረስ ቸክ ክትገብሩ ትኽእሉ። እቲ ፈተና መርመራ ክትገብሩ ዘለኩም እንተዝመኽረኩም፣ እንታይ ክትገብሩ ዘለኩም መምርሒታት ክትወሃቡ ኢኹም።
መርበብ ሓበሬታ www.ch.ch/coronavirus ናብ ክፍለሃገራውያን መርበባት ሓበሬታ የመሓላልፍ። ኣብኡ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ከምኡ'ውን ሓበሬታ ርክብ ክትረኽቡ ኢኹም።

መንግስቲ ኣብ መዓስ ጉዳያት ክፍሊታት ናይ PCR ፈተና ይኸፍሉ ድዮም፧
መንግስቲ ካብ 25 ሰነ 2020 ኣትሒዙ ንክፍሊታት ፈተና (= ሞለኩላር-ባዮሎጅያዊ ፈተና PCR) ኩነታት BAG ምስተረኸቡ ይኸፍል'ዩ። ንኣብነት ምስ ኮቪድ 19 ዝሰማምዑ ምልክታት እንተለውኹም ከምኡ'ውን ሓኪምኩም መርመራ ልበዳ ናይ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ክትገብሩ እንድሕር ኣዚዙ/ዛ። መልእኽቲ ብSwissCovidApp ብርክብ ምስ ሓደ ዝተለበደ ሰብ እንተላይ ብቕዓት ኣለዎ።
ናይ ፈተና ኩነታት BAG እንተዘይተረኺቡ፣ መንግስቲ ንክፍሊታት ፈተና ኣይስከምን እዩ። ንኣብነት ናይ ፈተና ውጽኢት ንመገሻ እንተዘድልየኩም ክኸውን ይኽእል ወይ ፈተና ጥራይ ብድሌት ኣስራሒኹም እንተ ዝካየድ።

## ተወሰኽቲ ሓበሬታታት

ቀጻሊ ሓበሬታ ኣብ ኣደ ቋንቋይ ኣበይ ክረክብ እኽእል፧

ኣብቲ ሓበሬታ መርበብ ኢንተርነት migesplus.ch ብዛዕባ ኮቪድ-19 ከምኡ'ውን ብዛዕባ ካልኦት ናይ ጥዕና ኣርእስትታት ብዙሕ እሙን ቀጻሊ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፥ https://www.migesplus.ch/themen/neues-coronavirus-covid-19

እንታይ ዓይነት መደባት ምክያድ ተኸልኪሉ፧

ልዕሊ 1000 ሰባት ዝለውዎም ዓበይቲ ፍጻሜታት ክሳብ መወዳእታ መስከረም ክልኩላት ይተርፉ።

ክሳብ 1000 ሰባት ዝሕዙ ግላውያንን ህዝባውያንን ፍጻሜታት ክካየዱ ይፍቀዱ። ኣብ ሓደ ፍጻሜ ዝያዳ 300 ሰባት ዝህልዉ እንተኾይኖም፣ ክፋላት በብ 300 ሰባት ክማቐሉ ኣለዎም። እዚ ዋላ ኣብ ቤት-መስተታትን ክላባትን ብቑዕ እዩ።

ኣብ ፍጻሜታት 1.5 ሜትሮ ዝኸውን ርሕቐት ካብ ካልኦት ሰባት ግበሩ ከምኡ'ውን ነቶም ሕጋጋት ጽሬትን ኣደብን ተኸተሉ። እቲ ርሕቐት ክትኽተሉ እንተዘይትኽእሉ፣ ናይ ጽሬት ማስኬራ ተኸደኑ ኢኹም።

ኣብ ህዝባውያን ፍጻሜታት እቲ ወዳባይ ናይ መከላኸሊ ኣምር ክውጥን ከምኡ ድማ ኣብ ተግባር ከውዕል ኣለዎ። ከምዚ ዚኣመሰለ መከላኸሊ ኣምር እንተተወሲኑ ናይ ርክብ ሓበሬታኹም ከተቕርቡ ትኾኑ። ኣብ ሽዑ ጉዳይ ቅኑዕ ሓበሬታ ከተቕርቡ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ከምኡ ጥራይ

በቶም ክፍለ-ሃገራውያን ቤትጽሕፈታት ብዛዕባ ርክብ ምስ ዝተለበደ ሰብ ክትሕበሩ ትኽእሉ።

## ሓገዝ ምርካብ።

<u>ኣብ ሕክምና ቋንቋይ ዘይዛረቡ ወይ ዘይርድኡ እንተኾይኖም እንታይ ክገብር እኽእል፧</u>

ካብ መጀመርታ ኣትሒዝኩም ተራጓማይ ወይ ተርጓሚት ክግበረልኩም ሕተቱ። ብተሌፎን ውን ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ኣሎ። ሞያውያን ተርጎምቲ ክጽውዑ እንተኾይኖም፣ ንቤተሰብኩም ንኽትርጉምልኩም ናብ ሕክምና ክትሕዝዎም ኣየድልየኩምን። ብኽምዚ ካብ ልበዳ ክድሕኑ ይኽእሉ። ኣብ መስርሕ ሕክምና ንኽርድኣኩምን ንኻልኦት ከተረድኡን መሰል ኣለኩም።

<u>ኣብ ገዛ ክትጸንሑ ትግደዱ ኣለኹም ዲኹም፧ ኣስፔዛ ወይ መድሃኒት የድልየኩም ድዩ፧</u>
<u>ንኻልኦት ክትሕግዙ ትደልዩ ዶ፧</u>

ኣብ ከባብኹም ተዓዘቡ ወይ ረኣዩ፥

- ሓገዝ ክገብሩልካ ዝኽእሉ ሰባት ክትሓትት ምኽኣልኩም፧
- ወይ ንኻልኦት ሰባት ሓገዝኩም ከተበርክቱ ምኽኣልኩም፧

ካልኦት ተኽእሎታት፥

- ንምምሕዳር ከተማኹም(ገማይንደ) ወይ ንከተማዊ ምምሕዳር ተወከሱ
- «Five up» ዝብሃል ኤፕ ተጠቐሙ
- ኣብ ዝስዕብ ሓበሬታ መርበብ ረኣዩ www.hilf-jetzt.ch / www.aide-maintenant.ch

ብዝቐጸለ ብቕዓት ዘለው፥ እቶም ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት ኩሉ ግዜ ክኽተሉ ኣለዎም።

<u>ትሻቐሉ ዲኹም ወይ ምስ ዝኾነ ሰብ ምዝራብ የድልየኩም ድዩ፧</u>

ኣብዚ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥

- ኣብ ኢንተርነት ብ www.dureschnufe.ch / www.santepsy.ch / www.salutepsi.ch
- ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ብቑጽሪ 143 (Die Dargebotene Hand)

<u>ኣብ ገዛ ኣብ ድንገት ዘለኹም ኮይኑ ይስምዓኩም ድዩ፧ ሓገዝ ወይ ምክልኻል ትደልዩ ዲኹም፧</u>

- ቁጽርታት ተሌፎንን ኣድራሻታት ኢመይልን ንስመ-ስውር ኣገልግሎታት ምኽሪ ኣብ ምሉእ ስዊዘርላንድ ብዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽእሉ። www.opferhilfe-schweiz.ch / www.aide-aux-victimes.ch / www.aiuto-alle-vittime.ch.
- ኣብ **ህጹጽ እዋን** ናብ ፖሊስ ደውሉ፥ ቁጽሪ ተሌፎን **117**

ተወሰኽቲ ኣገደስቲ ቁጽርታት ተሌፎን፥

- ቁጽሪ **ህጹጽ እዋም ኣምቡላንስ 144፥ እዚ ቑጽሪ** ኣብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ንኹሉ ህጹጽ ሕክምናዊ ጉዳያት ለይትን መዓልትን ይሰርሕ።
- **መስመር ሓበሬታ** ሓድሽ ኮሮናቫይረስ፥ ብቑጽሪ ተሌፎን **058 463 00 00** ንሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝምልከቱ ሕቶታት ይምለሱ።
- **ናይ ገዛ ሓኪም እንተዘይብልኩም፥ Medgate** ዝብሃል ትካል ብቑጽሪ ተሌፎን **0844 844 911** ኩሉ መዓልትን ዋላ ለይትን ኣግለግሎት ይህብ።

### ናብ ናይ ስራሕ ቦታ ምምላስ

እቲ መንግስቲ ቀጺሉ እንተዝከኣል ኮይኑ ኣብ ቤትጽሕፈት ገዛ ምስራሕ ይመክር፣ እንተላይ ብዙሕ ትራፊክ ኣብ ህዝባዊ መጐዓዝያ ክውገድ መታን ክከኣል። ግና ኣስራሕኹም ናብ ቦታ ስራሕኩም ክትምለሱ ወይ መዓስ ክትምለሱ ከምትኽእሉ ክውስን እዩ።

ሰራሕተኛ ኼንኩም ብሕዱር ሕማም ምኽንያት ኣብ ሓደጋ ምስትህልዉ ኣስራሒኹም ክከላኸለልኩም ኣለዎ።



## ግዴታ ናይ ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያታት

**ኣበይ ኣበይ ቦታ እዩ ምስክ መሸፈኒ ኣፍ ናይ ምግባር ግዴታ ዘሎ፧**

ግዴታ ናይ ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ኣብ ህዝባዊ ምጓዓዝያታት: ማለት ኣብ ባቡር: ትራምን ኣውቶቡሳትን ኮይኑ ግን ብተወሳኺ ውን ኣብ ተለፈሪካን ኣብ መራክብን ግዴታ እዩ። ኣብ ናይ ሺ (ናይ በረድ መሸራተቲ) ሊፍትታት/መጓዓዝያታት (Skilifte, Sesselbahnen) ግን ግድን ኣይኮነን። ኣብ ስዊዘርላንድ ዝበራ ወይ ዝዓልባ ነፈርቲ ኣብ ውሽጠን እንተላይ ናይ ማስኬራ ግዴታ ኣለወን።

**ንህጻናት ወይ ንኻልኦት ሰባት ካብዚ ግዴታ ዘውጽኦም ፍሉይ ኩነታት ኣሎ ድዩ፧**

ማስክ ናይ ምግባር ግዴታ ንትሕቲ ዓሰርተክልተ ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣይምልከትን እዩ። ብተወሳኺ ውን ብፍሉይ ምኽንያት: ምናዳ ብሕክምና ምኽንያት ማስክ ክገብሩ ንዘይክእሉ ሰባት ውን እዚ ግዴታ ኣይምልከቶምን እዩ።

**ባቡር ወይ ኣውቶቡስ ፍርቁ ባዶ ምስዝኸውን ከ ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ክገብር ይግደድ ድየ፧**
ክንደይ ሰባት ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ይርከቡ ብዘየገድስ: ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ምግባር ግዴታ እዩ። ክንደይ ሰባት ክስቀሉ ምኺኖም ኣቐዲሙ ክፍለጥ ኣይክእልን እዩ።

**ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ምስዘይህልወኒ፡- ሻርባ ወይ ዝኾነ ጨርቂ ኣብ ገጸይን ኣፍንጫይን ክጉልበቦ ይኽእል ዶ፧**
ኣይፋል: ሻርባ ወይ ጨርቂ ብምጉልባብ ግዴታ ናይ ማስክ ምግባር ኣይተሓለወን። ሻርባ መልከፍቲ ካብ ምክልኻል ዘለዎ ብቕዐት እኹል ኣይኮነን ከምኡ'ውን ንካልኦት ሰባት እኹል ምክልኻል ኣይኮነን። ስሩዕ ናይ ጽርየት ማስክ ወይ ብኣፍረይቲ ማስክ ፋብሪካታት ዝተሰርሐ ናይ ዓለባ ማስክ እዩ ክግበር ዘለዎ።

**ተጓዓዝቲ ማስክ ይገብሩን ኣይገብሩን መን የቋጻጽር፧**
እቲ ምቁጽጻርን ምትግባርን ብሰራሕተኛ ናይ ባቡርን ብፖሊስ ናይ ምጓዓዝያ ባቡርን: ማለት ኣባላት ጸጥታ ናይ ምጓዓዝያ ባቡር ይካየድ።

**ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ምግባር እንተኣብየ ኸ፧**
ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ምግባር ዝኣቢ ሰብ ኣብቲ ዝስዕብ ፌርማታ ካብቲ መጓዓዝያ ክወርድ ኣለዎ።
ሓደ ሰብ ንትእዛዝ ናይ ኣባላት ጸጥታ ምስዝጻረሮ እሞ ካብ መጓዓዝያ ምስዘይወርድ: ብሰንኪ ዘይምእዛዝ መቕጻዕቲ ክውሃቦ ይኽእል (ንቡር ናይ ምስርሒ መቕጻዕቲ (Bussenverfahren) እምበር እቲ ብምጥሓስ ሕጊ መጓዓዝያ ዝወሃበካ መቕጻዕቲ (Ordnungsbusse) ኣይኮነን።

**ሚንስትሪ ጥዕና ስዊዘርላንድ (BAG) ንነዊሕ እዋን ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ንጥዑይ ሰብ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ካብ ሕማም ኣይከላኸለሉን እዩ ኣብ ዝብል ዘረባ እዩ ዝረግጽ ኔሩ። ከምኡ ከሎ ድኣ ማስኬራ ንምንታይ ሕጂ ግዴታ ኮይኑ፧**
ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ዝገበረ ንኻልኦት ይከላኸለሎም። ዝተለኸፈ ሰብ: ክልተ መዐልቲ ቅድሚ ምልከታት ሕማም ዘርኢ: ከይፈለጠ ለኻፊ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ጸቢብ ቦታ ኩሉ ሰብ ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ምስዝገብር: ነፍስ ወከፍ ሰብ ካብ ካልኦት ሰባት ነብሱ ክከላኸል ይኽእል። በዚ መንገዲ እዚ: ዋላኳ ሚእቲ ብሚእቲ ናይ ምክልኻል ውሕስነት ኣይሃሉ: እቲ ዝርግሐ ናይ ለበዳ ቫይረስ ይዝሕል።

## መገሻታት / መእተዊ ኣብ ስዊዘርላንድ

ካብ 6 ሓምለ 2020 ንየው ካብ ፍልይ ዝበሉ ቦታታት ምስ ኣተኹም ኣብ ስዊዘርላንድ 10 መዓልትታት ኣብ ኳራንተይን ክትከዱ ግዴታ ኣለኩም።

እዚ ስጉምትታት ንመትከል ሕጋጋት ምክልኻል ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (Covid-19) ኣብ ኣህጉራዊ መጒዓዝያ እዩ ዝኽልከል ከምኡ'ውን ንመእተዊ ካብ ልዕል ዝበለ ርከሳ ልበዳ ናይ ኮሮናቫይረስ ዘለዎም ሃገራት ወይ ቦታታት ብቕዓት ኣለዎ።

መእተውኹም ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት ነቲ [ዝምልከት ክፍለሃገራዊ ቤትጽሕፈት](#) ሓብሩ ከምኡ'ውን መምርሒታት ናይዚ ቤትጽሕፈት ተኸተሉ።

እቲ ንኳራንተይን ዝኣቢ ወይ ናይ ምሕባር ግዴታ ዘይኸተል ብሕጊ ኤፒደሚ ጥሕሰት እዩ ዝገብር፣ እዚ ከኣ ብመቕጻዕቲ ክሳብ 10.000 CHF ክቕጻዕ ይከኣል።

ልዕል ዝበለ ርከሳ ልበዳ ናይ ኮሮናቫይረስ ዝሕዝ ዝርዝር ሃገራትን ቦታታትን፣ እንተላይ ክፍለሃገራውያን ርክባት ከምኡ'ውን ፍሉይ ውሳነታት ግዴታ ኳራንተይን ኣብዚ ክትረኽቡ፥ www.bag.admin.ch/entry



## መርመራታት ኮሮናቫይረስ ከምኡ'ውን Contact-Tracing ንልበዳታት ጠጠው ክብሉ እዮም።

**እዚኦም ክልተኦም ስጉምትታት ስለምንታይ ክንድቲ ኣገደስቲ እዮም።**
ብዝተኻእለ መጠን «ንቡር» ህይወት ክካየድ ንክኽእል፣ ኩሎም ምልክታት ሕማም ዘለዎም ሰባት ብዝቕልጠፈ መርመራ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ክገብሩ ኣለዎም - እንተላይ ፍክስ ዝበሉ ምልክታት እንተለው። ብዝተረፈ ካብቲ ምምርማር ንተወሳኺ ኩሎም ሰባት ሓበሬታኦም ንክርከቡ ክቕርቡ ኣለዎም፣ ንኣብነት ኣብ ቤት-መግቢ። ዋላ ጥዕና ከምዘለዎም እንተዝስምዖም ዝተለበዱ ሰባት ድሮ ተላጋቢ ክኾኑ ስለዝኽእሉ። መርመራታት ከምኡ'ውን Contact-Tracing ብኽምኡ ልበዳታት ጠጠው ከብሉ።

### እቲ መርመራ ኮሮናቫይረስ ኣወንታዊ ውጽኢት እንተለዎ እቲ Contact-Tracing ክጅምር እዩ።

- እቶም ክፍለ-ሃገራውያን ቤትጽሕፈታት ብሓንሳብ ምስቲ ዝተለበደ ሰብ ምስ መን ርክብ ከምተገሩ ከረጋግጹ እዮም።
- እቶም ቤትጽሕፈታት ነቶም ሰባት ርክብ ብዛዕባ ክኸውን ዝኽእል ልበዳ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ቀጻሊ ኣከያይዳ ይሕብሩ።
- እዚኦም ሰባት ዋላ ምልክታት እንተዘይብሎም ኣብ ኳራንተይን ክህልዉ ኣለዎም። እዚ ካብ ዝሓለፈ ርክብ ምስ ልበዳ ዝነበሮ ሰብ ዓሰርተ መዓልታት ብቕዓት ኣለዎ።  ከም ተወሳኺ ን«ምውሻብ» ዝምልከት መምርሒታት ኣንብቡ ([www.bag.admin.ch/neues-corona-virus-downloads](www.bag.admin.ch/neues-corona-virus-downloads)): ከምኡውን ነቶም መምርሒታት ብዘይ ምቁራጽ ሓልዉዎም።
- ኣብ መንጎ እዚ እዋን ልበዳ እንተ ዘይተረጋጊጹ፣ እቶም ምምሕዳራት ነቲ ኳራንተይን ክስርዙ እዮም።

## ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App)

**ብሓገዝ ናይ ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ዝብሃል ናይ ሞባይል ኣፕ: ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ ምትሕልላፍ ናይ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ክንንኪ ንደሊ። ነዚ ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ዝጥቀሙ ሰባት እንዳበዝሑ ምስዝኸዱ እቲ ጥቕሙ እንዳዓበየ ይኸይድ። ንነዊሕ ግዜ እንተወሓደ ኣብ ጥቓ ሓደ ድሒሩ/ሮም ምስተመርመረ/ሩ ብቫይረስ ከምዝተለኸፈ/ፉ ዝተረጋገጸሉ/ሎም ሰብ/ሰባት ዝጸንሐ ሰብ: ንተኽእሎ ናይ ምልካፍ ዝምልከትን ጉዳዩ ውን ከመይ ከምዝቕጽል ዝገልጽ ሓበሬታ ብመንገዲ ኣፕ ክወሃቦ እዩ:: ውልቃውነት ክሕሎ እዩ። ምጥቃም ናይዚ ኣፕ ብወለንታን ብዘይ ክፍሊትን እዩ። እዚ ኣፕ ካብ ኣፕ-ስቶር (App-Store) ናይ ኣፕል (Apple) ከምኡውን ካብ ጉግል ፕለይ ስቶር (Google Play Store) ክወርድ ይኽእል።**

### ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ሰንሰለት ለበዳ ብቑልጡፍ ንኽቋረጽ ይሕግዝ

ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ዝብሃል ናይ ሞባይል ኣፕ (ኣንድሮይድ/ኣይፎን) እዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ንኽዕገት ይሕግዝ። ከም ተወሳኺ ናይቲ ንቡር ከትሪ («Contact Tracing») የገልግል። እዚ ማለት ብደረጃ ዞባ ዝካየድ ተመሊስካ ንዝግበር ምክትታል ናይ ሓድሽ መልከፍቲ: ይጠቅም። ብኸምዚ መንገዲ እቲ ሰንሰለት ለበዳ ንኽቋረጽ ይሕግዝ።

ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ኣብ ኣፕ-ስቶር (App-Store) ከምኡውን ካብ ጉግል ፕለይ ስቶር (Google Play Store**)** ይርከብ (ብቛንቋታት፥ ጀርመን: ፈረንሳ: ጥልያን: ረቶሮማኒሽ: ኣልባንሽ: ቦስንሽ: ኢንግሊሽ: ክሮኣትሽ: ፖርቱጋል: ሰርብሽ: ስፓንሽ። ቱርክኛን ትግርኛን ይመጹ እዮም።)

- ጉግል ፕለይ ስቶር ንኣንድሮይድ (Google Play Store für Android)
- ኣፕል ስቶር ን ኣይ ኦ ኤስ (Apple Store für iOS)

ምጥቃም ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ወለንታውን ብዘይ ክፍሊትን እዩ። ነዚ ኣፕ ዘውርድዎን ዘዘውትርዎን ሰባት እንዳበዝሑ ምስዝኸዱ: ነዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኣብ ምዕጋት ዘለዎ ጥቕሚ እንዳዓበየ ይኸይድ።

### ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ከመይ ይሰርሕ፧

ኣብ ኣፕል (Apple) ወይ ኣንድሮይድ (Android) ሞባይል ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ኣውርዱ። ድሕሪኡ ብሉቱዝ (Bluetooth) ካብ ምውላዕን ሞባይልኩም ምሳኹም ምሓዝን ንላዕሊ ትገብርዎ ነገር የለን። እታ ሞባይል ብብሉቱዝ (Bluetooth) ጌራ ሕቡእ ናይ ኣይዲ (IDs) ሓበሬታ (Prüfsummen) ክትሰድድ እያ። እዚ ነዊሕ: በብዓይነቱ ስሩዓት ዘይኮኑ ምልክታት ዝሓዘ ሰንሰለት ናይ ኮድ እዩ። ድሕሪ ክልተ ሰሙን ኩሎም እቶም ሓበሬታታት/ኮዳት (Prüfsummen) ቀጥታ ካብቲ መሳርሒ ክድምሰሱ እዮም።

እቲ ኣፕ ስም ብዘይምጥቃስ ግዜን ርሕቀትን ምስ ካልኦት ሞባይል ይዕቅን። ቀረባ ርክብ እንተኔሩ ይምዝግብ (ትሕቲ ሜትሮን ፈረቓን ርሕቀት ከምኡውን ብጠቕላላ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ካብ 15 ደቒቕ ንላዕሊ)። እዚ ምስዝኸውን ቫይረስ ተሓላሊፉ ንኽኸውን ተኽእሎ ኣሎ።

### ምሕባር ብኸምዚ ይካየድ

ተጠቃሚ ናይ ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ብመንገዲ ሕክምናዊ መርመራ ብኮሮናቫይረስ ተለኺፉ ከምዝኾነ ምስዝረጋገጽ: ካብ ዝምልከቶም ዞባውያን ቤት ጽሕፈታት ኮድ ይቕበል (ኮቪድኮድ)። በዚ ኮድ ጥራይ እዩ እዚ ሰብ ነቲ ናይ መልእኽቲ ኣገልግሎት ናይቲ ኣፕ ክጀምሮ ዝኽእል። በዚ ጌሩ ነቶም ኣብቲ ሕማም ዝተሓላለፈሉ ግዜ (ክልተ መዐልቲ ቅድሚ ምቕላዕ ናይ ሕማም ምልክታት) ቀረባ ርክብ ምስኡ ዝገበሩ ካልኦት ተጠቀምቲ ኣፕ ከጠንቅቖም እዩ። ነቲ ኮድ ብምእታው እቲ መልእኽቲ ቀጥታ ስም ብዝይ ምጥቃስ ይመሓላለፍ።

እቶም ዝተሓበሩ ሰባት ናብቲ ኣብቲ ኣፕ ዝርከብ ናይ ሓበሬታ መስመር ተሌፎን ደዊሎም ነቶም ዝስዕቡ ስጉምትታት የጻርዩ። ውልቃውነት ኣብ ዝኾነ እዋን ሕሉው እዩ። ሓደ ዝተሓበረ ሰብ ድሮ ምልክታት ናይ ሕማም ምስዝህልዎ: ኣብ ገዛ ኮፍ ክብል: ምስ ካልኦት ርክብ ከወግድ: ናይ ኮሮናቫይረስ ፍተሻ ክገብር (Coronavirus-Check) ወይ ንሓኪሙ ክድውል ይግብኦ።

በዚ ናይ ምትሕብባር ኣካይዳ ኩላትና ሰንሰለት ለበዳ ንኽቋረጽ ክንሕግዝ ንኽእል።

**ሓለዋ ናይ ውልቃውነት**
ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) ዝእከቦ ሰነዳት ኣብቲ ናይ ውልቂ ሞባይል ጥራይ እዩ ዝዕቀብ። ኣብ ዝኾነ ማእከላዊ ዓቃቢ ወይ ቀዳሒ ቦታ ወይ ሰርቨር ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰባት ወይ ሰባት ዝርከቡሉ ቦታታት ኣይሰድድን እዩ። ብኽምዚ መንገዲ ዝኾነ ሰብ ምስ መንን ኣበይን ርክብ ከምዝገበረ ክምስራሕ ኣይክኣልን እዩ። እዚ ናይ ኮሮናቫይረስ ቅልውላው ምስሓለፈ ወይ እቲ ኣፕ ዘይጠቓሚ ኮይኑ ምስዝርከብ: እቲ ሲስተም ክእለ እዩ።

**ተኽእሎ ናይ ምልከፍቲ ከምዘሎ ካብ ስዊስ ኮቪድ ኣፕ (SwissCovid App) መልእኽቲ መጽዩኒ። ሕክምናዊ መርመራ ክገብር መሰል ኣለኒ ዶ፧**
እወ። ተኽእሎ ናይ ምልከፍቲ ከምዘሎ መልእኽቲ ምስ መጻኩም: ብዘይ ክፍሊት ሕክምናዊ መርመራ ንኽትገብሩ መሰል ኣለኩም።

እዚ መርመራ ዝተለኸፉ ግን ምልክታት ሕማም ገና ዘየርእዩ ሰባት ንኽልለዩ የገልግል። እንተቐልጢፉ 5 መዓልቲ ድሕሪ ተኽእሎ ናይ ምልካፍ ክግበር ይግባእ። ብውጽኢት መርመራ ብቫይረስ ተለኺፍኩም ምኽንኩም ምስዝረጋገጽ: እቲ ዝምልከቶ ዞባዊ ትካል ክውከሰኩም እዩ: ከምኡውን ነቶም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክገልጸልኩም እዩ። እዚ ምትሕልላፍ ቫይረስ ንኽዕገት ይሕግዝ።

**ተኽእሎ ናይ መልከፍቲ ከምዘሎ ምስተሓበርኩ ኣብ ገዛ ኮፍ ክብል እንተወሲነ ደሞዘይ ክቐጽል ድዩ፧**
ተኽእሎ ናይ መልከፍቲ ከምዘሎ እንተተሓቢርኩም ናብ ናይ ስዊስ ኮቪድ ናይ ሓበሬታ መስመር ተሌፎን (ቁጽሪ ተሌፎን ኣብቲ ኣፕ ምስቲ ሓበሬታ ይርኣይ እዩ) ደውሉ። ኣብኡ ንኽምዚ ዓይነት ሕቶታት ዝምልከት ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ተኽእሎ ናይ መልከፍቲ ከምዘሎ ስለዝተሓበርኩም ኣብ ገዛ ኮፍ ክትብሉ እንተወሲንኩም: ብሓፈሽኡ ኣስራሒኹም ደሞዝ ክኸፍለኩም ኣይግደድን እዩ።

ብዝምልከቶም ዞባውያን ቤትጽሕፈታት ዝተኣዘዘ ምውሻብ ጥራይ እዩ መሰል ምቕጻል ናይ ደምዝ ዝህብ።

**እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ እንታይ እዩ፧ SARS-CoV-2 እንታይ ድዩ COVID-19 ውን እንታይ እዩ፧**

እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ መወዳእታ 2019 ኣብ ቻይና ብሰንኪ ዘይንቡር ውህለላ ናይ ሳንቡእ ነድርታት ኣብታ ኣብ ማእከል ቻይና ዘላ ከተማ ዉሃን ተረጋጊጹ። እቲ ቫይረስ SARS-CoV-2 ዝብሃል ስም ተዋሂቡ ከምኡ'ውን ምስቲ «Middle-East Respiratory Syndrome» MERS ከምኡ'ውን ምስ «ብርቱዕ ክሩር ምስትንፋሳዊ ምልክት ሕማም» SARS ኣብ ሓደ ስድራ ኣትዩ።

እቲ WHO ነቲ ብሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝወጸ ሕማም ኣብ 11 ለካቲት 2020 ወግዓዊ ስም ሂቡዎ፥ COVID-19፣ ብሓጺሩ «coronavirus disease 2019» ወይ ብትግርኛ «ሕማም ኮሮናቫይረስ 2019»።

ናይ ሕጂ ዘለው ሓበሬታታት እቲ ቫይረስ ካብ እንስሳታት ናብ ሰባት ከም ተመሓላሊፉ ከምኡ'ውን ሕጂ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከምዝመሓላለፍ ዘሎ የፍልጡ እዮም። ከባብያዊ መበቈሉ ምናልባት ናይ ዓሳን እንስሳን ዕዳጋ ኣብ ከተማ ዉሃን እዩ ኔሩ፣ ቻይናውያን በዓል መዚታት ነዚ ዕዳጋ ኣብ መንጎኡ ዓጺኦሞ።

**ተወሰኽቲ ሓበሬታታት፥**

www.bag-coronavirus.ch
www.bag.admin.ch/neues-coronavirus
(ጀርመንኛ፣ ፍራንስኛ፣ ጣልያንኛ፣ እንግሊዝኛ)

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

**Bundesamt für Gesundheit BAG**
**Office fédéral de la santé publique OFSP**
**Ufficio federale della sanità pubblica UFSP**
**Federal Office of Public Health FOPH**

